**ክቡር ህዝብና፥ ደጊም ተበሰር!**

ንሕና ደለይቲ ፍትሕን ሓድነት ህዝብና ዝጠመትና: ነበርቲ ኣትላንታን ከባቢኣን ስፊሕ ህዝባዊ ፌስቲቫል ንመጀመርያ ሰሙን ናይ ወርሒ ነሓሰ (August 3, 4, and 5) 2018 ንምክያድ ዘድሊ ምድላዋት ኣፋሪቕና ምህላውና ነበስረካ ኣለና። ንሰለስተ መዓልቲ ዝካየድ ካብ ዝተፈላለያ ውድባት: በርጌሳዊ ማሕበራትን ውልቀ ሰባትን ዝሳተፍዎ ኤርትራዊ ቅነ: ድሮ ቦታ ተታሒዙ ናይ ስራሕ ሽማግለታትን ተመስሪተን ሻማ ሻማ ኣብ ምባል ንርከብ።

**ንሕና መን ኢና?**

ኣብ ከተማ ኣትላንታ ኣንነብር ፍትሕን ሓድነትን ኣንብህግ ደለይቲ ፍትሒ: ካብ ዝኾነ ጸቕጢታትን ረብሓን ነጻ ዝኾንና ባእታታት ቦኽሪ ሓባራዊ ፈስቲቫል ብምክያድ ነቲ በብእዋኑ ዘጋጥሙና ማሕበራዊ፥ ባህላውን ቁጠባውን ጸገማት ንምብዳህ ህዝባዊ ዘተ ንምክያድ ዝዓለምና ኢና። ራኢና ድማ ፍትሕን ሃገራዊ ሓድነትን እዩ።

**ዕላማና**

ኣብቲ ቅነ እቲ ካብ ኩሉ ከባቢታት ዝተዓደሙ ኤርትራውያን ሊቃውንቲ ዝተፈላለየ ኣስተምህሮታት ዝህብሉ፥ ናይ ኤርትራ ፖሊቲካዊ ውድባትን ስቪካዊ ማሕበራትን ኣገደስቲ ውልቀ-ሰባትን: ነጻ ዘተ ዘካይድሉ ህዝባዊ መድረኽ ምምስራት እዩ።

ኣብቲ ቅነ ከም ምርምርን መጽናዕትን ዝቐርቡ ኣርእስታት እዞም ዝስዕቡ ንእምም:

1. ማሕበራዊ ሽግራትን ናይ ፖለቲካዊ ቁጠባ ጸገማትን ምብዳህ
2. ግደ መንእሰያት ኣብ ርእስኻ ምኽኣልን ዕድላት ትምህርቲ
3. ግደ ደቂ-ኣንስትዮ ኣብ ዝካየድ ሃገራዊ ምንቅስቓሳት ምድንፋዕ
4. ፖለቲካዊ ጥብቅናን ምዕቡል ማሕበረ ኮማትን ብኸመይ?
5. ግደ ህዝባዊ ማዕከናትን ስነጥበባውያንን ኣብ ምድንፋዕ ህዝባዊ ምንቅስቃሳትን
6. ኣቶከሮ ኣብ ክንክን ጥዕና
7. መደብ ህጻናትን መንእሰያትን ይርከብዎም::

ከምኡ ውን ኤርትሪውያን መራሕቲ ሃይማኖት ነቲ ቅነ ፍሉይ ድምቀት ኪህብዎ እዮም::
እዞም ነጥብታት እዚኣቶም ብሰብ ሞያታትን ክኢላታትን ዝቐርቡ ኮይኖም ብወገንኩም ርእይቶታትኩም ብምሃብ ከተማዕብልዎን መምህራን (panelists) ክትሮቕሑን ክፉት እዩ::

ነዚ ቅዱስ ህዝባዊ ተበግሶ ክውን ንምግባር ናይ ኩሉ ሃገራውን ደላይ ፍትሕን ተሳትፎ የድሊ። ናይቲ ቅነ መርሖ ድማ "ኩሉ ዓቕምና ንህዝባዊ ሓድነትና" ዝብል ይኸውን።

ነዚ ብዝምልከት በብእዋኑ መግለጺታት ከነስዕበልኩም ኢና። ርእይቶኩም በዚ ዝስዕብ ኢመይል ክትልእኩልና ትክእሉ: eritreanfestival2018atl@gmail.com.

ዓወትን ኣሳልጦን ንኤርትራዊ ህዝባዊ ፈስቲቫል 2018 ይኹን።

ፈስቲቫል ኣሳናዳዊት ኮሚቴ

**ኣትላንታ**

# ERITREAN FESTIVAL 2018

## EAST COAST,

## ATLANTA

HOSTED BY: JUSTICE SEEKING ERITREANS IN ATLANTA

ኣዳለውቲ፡ ደለይቲ ፍትሒ ተቀማጦ ኣትላንታ

---

## ኲሉ ዓቕምና ንህዝባዊ ሓድነትና

## OUR TOTAL COMMITMENT TO NATIONAL UNITY

## من أجل الوحدة الوطنية والعدالة الاجتماعية.

---

ካብ ኩሉ ከባቢታት ዝተዓደሙ ኤርትራውያን ሊቃውንቲ ዝተፈላለየ
ኣስተምህሮታት ዝህብሉ፣ ናይ ኤርትራ ፖሊቲካዊ ውድባትን ስቪካዊ ማሕበራትን
ኣገደስቲ ውልቀ-ሰባትን ነጻ ዘተ ዘካይድሉ ህዝባዊ መድረኽ እዩ።

المهرجان الثقافي الاريتري:
ندوات ومحاضرات في مختلف المجالات،
يشارك فيها مختلف التنظيمات السياسية والمدنية.

---

# AUGUST 3 -5, 2018

**ERITREAN AMERICAN COMMUNITY**

**720 HAMBRICK RD, STONE MOUNTAIN, GA 30083**

**FOR MORE INFO CALL 17709905981 OR 7703741337**

**ERITREANFESTIVAL2018ATL@GMAIL.COM**

KERTINA DESIGN: 4045792308